ዕለት 01.09..2021

ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር

الجبهة الوطنية الاريترية

Eritrean National Front

# ብምኽንያት ባሕቲ መስከረም ዝቕረበ

# መግለጺ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር (ኤሃግ)

ባሕቲ ከረም አብ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ልዑል ክብሪ ሂብና እንዝክራ ክብርቲ ዕለት እያ። ነቲ ቅድሚ ባሕቲ መስከረም1961 አንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዝካይድ ዝነብረ ሰላማዊ አጋብብ ቃልሲ ንምሕያል መኸተና ብዕጥቂ ተሰኒዩ ክኸይድ ዘሰጋገረት፡ ቦኽሪ ጭርሖ ዕጥቃዊ መኸትና ብተገባር ዘበስረት እውን'ያ። አብቲ እዋን'ቲ ነቲ ብአሽሓት ጊዜ ዝተዓጻጸፈ ዓቕሚ ጸላኢና ድምብርጽ ከይበሎም ውሑዳት ተባዓት ተቓለስቲ ኤርትራውያን ምእንቲ ነጻነታዊ ባህግና ህያው ክኽውን መታን ዝተበገሱ ኩሎም፡ አብዚ መዕልቲ'ዚ ብኽብሪ ክንዝክሮምን ከነድንቖምን ይግባእ። ናይ ቃልሲ መኸተና ዘይዕጸፍ ምዃኑ፡ ብግብሪ አብ ሜዳ ኤርትራ ወሪዶም ናይ ሓርነት ባና ወሊዖም ነቲ ቃልሲ ሐድሽ ማአዝን ክሕዝን አገዳሲ እመነ ብረት ከቕምጡ አብቲ እዋንቲ በቒዖም። ከምኡ ኢሉ ዝተባረዐ ቃልሲ ድማ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ቃልሲ ሲዕብዎ። ነቲ ኩሉ ዘይካእል ዝመስል ዝነብረ ናይ ጸላኢ ክውንነት ዝቕይር ሰፊሕ ህዝባዊ ተሳትፎ አብቲ ቃልሲ ክረጋገጽ ኪኢሉ። ህዝባዊ ማዕበል ድማ ዓጋቲ ስለ ዘይብሉ ነቲ ቃልሲ ምስናይ ኩሉ ውረድ ደይብ ተረኽቦታቱ፡ ህዝቢ ኤርትራ እቲ ዝድለ መስዋእቲ ከፊሉ ሃገሩ ካባ ባዕዳውያን ገዛእቱ ኢትዮጵያ ነጻ ከውጽአ በቒዑ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ አብ ልዕሊ ጸላእቱ ገዛእቲ ደርብታት ኢትዮጵያ መስትነክራዊ ዓወታት ኣመዝጊቡ ከብቕዕ፡ ነቲ አብውሽጢ ሰውራ ኤርትራ ዝካየድ ዝነብረ ቅሉዕን ስቱርን ደርባዊ ቃልስታት ዕሽሽ ኢልዎ ክሕልፍ ኮይኑ እዩ። እዚ ኮነ ተባሂሉ ይስራሓሉ ስለ ነብረ፡ ንደርባዊ ረብሓታቱ ከይዓቀበ ናብቲ ሓርበኛዊን ጅግንነታዊን ስሪሒታት ጥራይ ትኽረት ገይሩ፡ ናይ ውሽጡ ዕዮ ገዛ ከም ዘይገበረ፡ አብዘን ዝሓለፈናየን መዋእል ናይ 30 ዓመት ከም ነጻነት ተጸብጺቡ ዝሕሰብ፡ ናብ ዝሐሰመ ዳግማይ መግዛእቲ ከምተሰጋገረ ህዝቢ አጸቢቑ ብግብሪ ከረጋግጽ ክኢሉ'ዩ። ርእሰ ፋሽሽቲ ኢሰያስን (ስርዓቱ ህግደፍን) ንህዝቢ ምጽናትን ንሃገር ምልማስን ዝተወፈረ ሓይሊ ከም ምዃኑ፡ ሎሚ ህዝቢ አብ ዝባኑ ዝተሞኮሮ ጥረ ሓቂ ምዃኑ ባዕሉ አረጋጊጽዎ ዘሎ'ዩ። እዚ ስለ ዝኾነ ከአ'ዩ ህዝቢ አንጻሩ ክቃለስ ምልዕዓል ዝገብር ዘሎ።

ርእሰ መለኺ ኢሰያስን ስርዓቱ ህግደፍን ካብ ጸረ ህዝቢ ባህርያቱ ዝበገስ ተግባራቱ፡ ነቲ ንነዊሕ ጊዜ አብልዕሊ ህዝብና ዘተግብሮ ዝነበረ ግፍዕን በደልን ከይአኽሎ፡ ብዝልዓለ መልክዑ፡ አብ ሓጺር ጊዜ አብ ልዕሊ ውጽዕ ህዝቢ ትግራይን መንግስቱን ሰፊሕ ውራር ብምክያድ፡ ኩሉ ምልክዓት ናይ ኩናት ገበን ይፍጽም አሎ። እዚ ጉዳይ'ዚ አብኡ ጥራይ ተወሲኑ ዝተርፍ ዘይኮነስ አብቲ ዞና ክፈጥሮ ዝደሊ ዘሎ ኩሉ መዳያዊ ቅልውላው ሐደ ካብቶም ቀንዲ ተዋሳአይን ንተፈጻምነቱ ብግብሪ ተዋፊርሉ ዘሎ'ዩ። እዚ ዝገብሮ ዘሎ ናይ ጥፍአት መንገዲ ኣብ ዝሓጸረ ጊዜ ኤርትራውያን ነብስና ወድቢና አንጻሩ ክንቃለስ፡ ናይ እዋኑ ይጽነሓለይ ዘይባሃል ዕማም'ዩ። ግንባርና ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር ( ኤሃግ ) ምስ ኩሉ ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኣብዚ መዳይ'ዚ ተቓራሪቡ ክሰርሕን ኩሉ እቲ ዝድለ ምትሕብባር ክገብርን በዚ ናይ ሎሚ ናይ መኸተና ማዓልቲ ደጊሙ የረጋግጽ።

ጅግና ህዝቢ ኤርትራ ናይ ሎሚ መበል 60 ዓመት ብረታዊ ተገድሎና፡ ጸላኢና ርእሰ መላኺ ኢሰያስን ስርዓቱ ህገደፍን አብ ልዕሊ ህዝብናን ውጹዕ ህዝብታት ናይቲ ዞናን ዘካይዶ ዘሎ ሕሱም በደልን ግፍዕን ብዝላዓለ ናይ ኩናት ገበን ተሰንዩ፡ ንዓና ዋናታቱስ ይትረፍ ንዓለም ግሉጽ ኮይኑ ዘሎ መዋእል ኮና ነብዕሎን ንዝክሮን ከምዘልና ዘይማትእ ሐቂ'ዩ። ስለዚ ነዚ አብ ልዕሊ ህዝቡን አብ ልዕሊ ህዝብታት ናይቲ ዞና ዘባሳብስ ዘሎ ቦኽባኽ ሐይሊ ጻላኢና ተቢዕና ክንብድሆን መኸተና ክብ ከነብልን ሎሚ ዝሐሸ ዕድል ተፈጢሩ ከምዘሎ ተፈጢሩ ከምዘሎ ክንግንዘብ ይግባአና። ኩሉ ነቲ መድርኽ ዝጠልቦ ናይ ቃልሲ ምድላዋትን ንእኡ ዝበቅዕ መልክዕ ውደባን ቀሪጽና፡ ተቃሊሱ ዘቀልስ አማራርሓ ፈጢርና ነቲ ዘይተርፍ ዕማም ጸላኢና ርእሰ መላኺ ኢሰያስን ስርዓቱ ህግደፍን ንምውጋድ መሊእና ክንረባረብ። በዚ ናይ ሎሚ ባሕቲ መስከርም ባዕልና ከም ምኽንያት ተጠቒምና ድማ ኩልና መኸተና ደጊምና ከነሕድስ ይህልወና። ግንባርና ኤርትራዊ ሃገርዊ ግንባር (ኤሃግ) በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ንህዝቢ ኤርትራን ፖሎቲካዊ ሓይልታቱን ንቓዕ አብቃዓኩምን አብቃዓናን ይብል።

ባሕቲ መስከረም ንዘላእለም ከቢራ ትንበር!

ሓድነትና ምስጢር ናይ ዓወትና እዩ!

ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር (ኤሃግ)